## ሰብኣውን ዜግነታዊን ሓላፍነት ዘይብሎም ሰባት፡

## ሕጋዊ ህላወኡ ኣብ ዘጥፊአ ህግደፍ ይእከቡ፡

*ሰባት ብግቡእ ተረዲኦም ይኹን ከይተረድኦ፡ ብቐጥታ ኣብ ፍሉጥ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዘለዎ ውድብ፡ ይወደቡ ኣይወደቡ፡ ካብ ፖለቲካን ፖለቲካዊ ምሕደራን ወጻኢ ክኾኑ ከቶ ኣይከኣሎምን። ኣነ ኣብ ፖለቲካ ክኣቱ ኣይደልን፡ መንገደይ እምነተይ ከምዚ'ዩ ብዝብል ሽፋን ብቐጥታ ክሃድሙ እንተፈተኑ'ውን ህይወቶም ካብ ባሕሪ ፖለቲካ ኣውጺኦም ዘቐጽልሉ ቦታን ዓቕምን ስለዘይብሎም፡ ብተዘዋዋሪ መሰሎምን ረብሓኦምን ከረጋግጹ ክብሉ ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ክዋስኡ ግዱዳት'ዮም። ሓፈሻዊ ካብ ፖለቲካ ወጻኢ ምኻን ኣይከኣልን። እንታይ ዓይነት ምሕደራ ወይ ስነ-ሓሳብ ንከተል ኣብ ዝብል ምምራጽ ግን ይከኣል'ዩ። ዜጋታት ሓንቲ ሃገር፡ ብከም'ዚ ኣገባብ እንተ'ሽድና እንተተመራሕና፡ ሓድነት ገይርና፡ ብሓባር ብሰላም፣ ብህዝባዊ ደሞክራሲ፣ ኣብ ትሕቲ ኩልና ንኣምነሉ፡ ንምእዘዘሉን ብማዕረ ብፍትሒ ንዳነየሉን ሕጊ ክነብር ክንነባበር ንኽእል ኢና። ቁጠባዊ ምዕባለ ኣረጋጊጽና ኣብ ፖለቲካዊ ስልጣንን ሃብትን ብዘይኣድልዎ ክንመቓራሕ ንኽእል ኢና ኢሎም ዝመርጽዎ ፖለቲካዊ መስመር ወይ ስነ-ሓሳብን መልክዕ ውደባን ክዓስሉ መሰሎም'ዩ። ዋላ ዘይቅቡልን ኩነንን ይኹን፡ ጸቢብ ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓኦም ኣብ ዘረጋግጽ፡ ጸረ-ህዝቢ፣ ጸረ-ሰላም፣ ጸረ-ደሞክራሲ ዝኾነ ፖለቲካዊ ኣረኣእያን ውድብን ክዓስሉ'ውን ምርጫኦም'ዩ።*

*ናተይ እትብሎ ፍሉይ ፖለቲካዊ መንነት ሃልዩ'ኳ ኣብኡ ምውዳብ ምዕሳል፡ ብዓይኒ መሰል ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብዓይኒ ዝህቦ ኣማራጺ ሓሳብ፡ ምጉልባት ፖለቲካዊ ንቕሓትን፣ ምስፋሕን ምዕማቑን ሕብረ-ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት'ውን ቅኑዕን ቅቡልን'ዩ። ፖለቲካዊ ርእይቶኻን መልክዕ ውዳበኻን ቅኑዕ ይኹን ኣይኹን፡ ነቲ ናተይ እምነተይ ትብሎ ኣረኣእያን ውድብን፡ ንፈታውን ጸላእን ብሩህ ብዝኾነ መልክዑ፡ ኣብ መዳይ ፖለቲካ፣ ቁጠባ፣ ማሕበራዊ፣ ዝምድናታት ወጻኢ ኢልካ ብሰነድ ክትገልጾ፡ ነዚ ዘተግብር ውሽጣዊ ገዛኢ ሕጊ ክህልወካ፡ ብመሰረት እቲ ውሽጣዊ ውድባዊ ሕግኻ ዘፍቅዶ ኣብ ዝተወሰነሎም ግዜ ዝድይቡን ዝወርዱን ብሕጊ ድማ ዝሕተቱ ኣመራርሓ ክህልውኻ ይግባእ።*

*ነቲ ናተይ ውድበይ ኢልካ እትገልጾ፡ፖለቲካዊ ኣንፈቱ ናበይ ይኸይድ ኣሎ፡ እቲ ውድብ ከም ውድብ ዝግዝኣሉ ሕግታት ከመይ ይሰርሕ ኣሎ፣ መሰል ኣባላቱ ብግቡእ'ዶ የኽብር ኣሎ ኣየኽብርን? ስሩዕ ኣኼባን ጉባኤን ይገብር'ዶ ኣሎ ኣይገብርን? መሪሕነት'ከ ኣለዎ'ዶ የብሉን? ቁጠባዊ ምንጩ ካበይ፡ ኣብ ምንታይ መዓላ'ሽ ይውዕል? ውሽጣዊ ኣሰራርሓኡን ሕድሕዳዊ ምትእምማኑን? ምስ ህዝቢ ዘለዎ ዝምድና'ሽ ኣብ ምንታይ ዝተሰረተይ'ዩ? ዝምድናኡ ምስ ካልኦት ህዝብታትን መንግስታትን'ከ …ወዘተ ዝብሉ መሰረታዊ ረቛሒታት ኣልዕሊካ ብግቡእ ገምጊምካ ክትምልስ ይህልወካ። ብከም'ዚ ንውድቡን መሪሕነቱን ዘይከታተል ሰብ ግን፡ ስማዊ ኣባል ደኣምበር ናይ ፖለቲካ ውድብ ኣባል'ዩ ዘብሎ መረጋገጺ ዘይብሉ'ዩ ዝኸውን።*

*ኣብ 1994 ኣብ ናቕፋ ኣብ ዝተኻየደ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ስም ውድብና ካብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ናብ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ቀይርናዮ ኣለና ተባሂሉ ካብ ዝተገልጸሉን፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ካብ'ቶም ብዕድመ ዝደፍኡ ኣመራርሓ ናይ'ቲ ውድብ ሓደ ክንሱ፡ ነባራት መራሕቲ ገሊፍና ብሓድሽ ደም ክንትክኦ ኣለና ብዝብል ዘየድልይዎ ጸሪጉ፡ ስለምንታይ ከይበሉ ብእሽታ ብዝምእዘዝዎ ሰባት ካብ ዝተከኣሉ ክሳብ ሕጂ ጉባኤ ክገብር፡ ፖለቲካዊ መሪሕነት ብሕጋዊ ኣገባብ ክቕያይር፣ ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራሙ ምምሕያሽ ክገብር ኣይተራእየን። ህግደፍ ብስም ክጽዋዕ ደኣምበር፡ ከም ውድብ ሕጋዊ ህላወኡ ዘረጋግጽ ጭብጢ የለን። ሕጋዊ ህላወኡ ኣጥፊኡ ናብ ስማዊ ውድብ ካብ ዝሰጋገር ነዊሕ ዓመታት ኣቖጺሩ ኣሎ።*

*ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ግን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ሕጋዊ ህላወ ከም ዘለዎን ኣብ'ዛ ሃገር ኣብ ፖለቲካ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ ኮነ ባህላዊ ጉዳያት ልሉይ ተራ ዝጻወት መሪሕ ውድብ ከም ዝኾነን*

ገይሩዩ ዝገልጾ። ካብ ቀደሙ ናተይ ዝብሎ ዝተነጸረ ሓራ ፖለቲካዊ መስመር ዘይነበሮ፡ ክሳብ ነጻነት ናይ ኤርትራ ሽራሪፉ ክቐበል ምስ ባዕዳዊ ገዛእ ምስጢራዊ ርክባት ዝገብር ዝነበረ ኣመራርሓኡ፡ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ብኣመራርሓ ህግደፍ ሓራ ፖለቲካዊ መስመርና መድሕና'ዩ። ህግደፍ ኣብ ኩለንተናዊ ንጥፈታት እዛ ሃገር ልሉይ መሪሓዊ ተራኡ ክጻወት'ዩ። ካብ 2017 ጀሚሮም ዝትግበሩ መደባት መንግስቲ ኣብ ግብሪ ኣብ ምውዓል፡ ኣብ ህዝቢ ሰፊሕ ፖለቲካዊ ጎስጓሳት ኣብ ምክያድ፡ ክሳብ ነቲ መይቱ ንዝበሎ ቅዋም 1997 ክትክእ ብምስጢር ይካየድ ኣሎ ኢሉ ዝገለጾ'ሞ ስርዓተ መንግስቲ ክብል ዝሰየሞ ሰነድ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ብዝለዓለ ክሰርሓሉ ምዃኑ ሓቢሩ ኣሎ። ኩሉም ዝጸንሑ ውዳበታት ህግደፍ ዳግመ ውደባን ምብርባርን ክግበረሎም ምዃኑ'ውን ኣፍሊጡ ኣሎ። ብሓጺሩ መንኮርኮር ፖለቲካ ለውጢ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ምሉእ ምሕረት ናይ'ዚ ሕጋዊ ህላወኡ ዘጥፈአ ህግደፍ ከም ዝኾነ ኣረጋጊጹ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ካብ ድቃሶም ክበራበሩ፡ ምስ ሕልናኦም ክዕረቑ፣ ሕጂ'ሽ ናበይ ጉዕዞ ርብዒ ዘመን ይኣክል ኢሎም ካልእ ኣመራጺ ክሪኡ ዘለዎም፡ ኣብ ትሕቲ ህግደፍ ዝብል ስም፡ ብኣምልኾ ውልቀ ሰብ ዝተጠቕዑን ንውልቀ ሰብ ድማ ከገልግሉ ዝጸንሑን ዘለውን ወገናት'ዮም። ህግደፍ ሕጋዊ ህላወኡ የጥፍእ ይሃሉ፡ ኢሳያስ ክሳብ ዝሃለወ ውድብ ማለት፡ ህግደፍ ማለት ንሱ'ዩ፡ ካልእ ንጠልቦ የብልናን ኣብ ዝብል እንተዘይነቒጾም፡ ካብ'ዚ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዕለታት 27-28 ጥሪ 2017 ዘስመዖ መደረ ዝበለጸ፡ ናይ ፍትሕ መረዳእታ ክቐርበሎም ክጽበዩ የብሎምን። ፖለቲካዊ ትርጉም ናይ'ቲ ኢሳያስ ሎሚ'ውን ህግደፍ ክብል ዘስመዖ መደረ፡ ኣባላት ሕጋዊ ሕላወኡ ዘረጋገጸ ውድብ ህግደፍ ዘይኮነ፡ ናብ ድሌቱ ዘዋፍሮም እምብን ሕቶን ዘይፈልጡ መጋበርያታት ከም ዘለውዎ'ዩ ኣመላኺቱ። ሕጋዊ ህላወኡ ኣብ ዘጥፈአ ውድብ ዝእከቡ ሰባት ድማ፡ ናትና ኢሎም ደው ዝብልሉ ፖለቲካዊ መንነት ዘይብሎም'ዮም። ብሓጺሩ ሰብኣውን ዜግነታውን ሓላፍነት ዘይብሎም፡ ንስለ ክብረትን ቀጻልነትን ሓደ ሰብ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ገበናዊ ተግባራት ከዋፈሩ ፍቓደኛታት ዝኾኑ ሰባት ምዃኖም ዘነጽር'ዩ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 20-02-2017